# “ሕተትዎ!”

## ፍኑው ጽሑፍ (ቴማ#2)

*ወርሓቱ መጋቢት 2010’ዩ። ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ገዛእ ሃገሩ መሰል ሰላማዊ ሰልፊ ስለዘይብሉ፡ የካቲት 22 ኣብ ውሽጢ ሃገር ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር እገዳ ክግበር ኣይተኻእለን። ተደናገጽቲ’ቲ ስርዓት ዝኾኑ ስደተኛታት ግና፡ ዘሎ መሰል ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ተጠቒሞም፡ ኣብ ጽርጊያታት መልእኽቶም ከቃልሑ ወዓሉ። ድባርዋ (ኣውራጃ ሰራየ)፡ ህዝቢ ዓለም ከ እንታይ ይብለና ብማለት፡ ንሰለስተ ሰሙን ዝኣክል ሕስብ ቀንያትሉ፡ ነድሪ ህዝቢ ዝዝሕለሉ ሓደ ነገርሲ ክግበር ኣለዎ፡ ዋላ ኣይላ! ዘይንገብር ክትብል ጸኒሓ፡ ሓያለ ግዜ ተፈላሲፉ ካልእ ዘዳምኞ ጥበብ ወሰኸትሉ። ኣብ ወርሒ የካቲት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር እገዳ፡ መትሓዚ ዘይብሉ ከይከውን ካብ ተፈርሐ፡ ኣገባብ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኤርትራ ሓድሽ ጥበብ ምሂዘሉ ኣለኹ ኢላ፡ ንመራሒኣ ዓዲማ ንመጋቢት 11 ምድላው ገበረት። ህዝቢ ነዲሩ ኣሎ’ዩ፡ እቲ ርእሰ-ነገራ። ህዝቢ ነዲሩ! ስለዚ ንምዝሓሉን ንምቁጽጻሩን ክጥዕም፡ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ዳስ ተኾነ እንታይ ክብሎ’ሉ ብማለት፡ ድባርዋ ዝመሃዘቶ ሓድሽ ኣገባብ ሰላማዊ ሰልፊ ከተመርቕ ወዓለት።*

*እቶም ኣዳለውቲ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ትርእይዎ ዘለኹም ስእሊ፡ ዘሎ ታባሌታት ቀረቡ። ኣብ መናድቕ ተለጢፉ ንፋስ ገፊዑ ንግዳም ከይወስደሎም’ሞ፡ ሓዞ ሓዞ ኮይኑ ከኣ ብሃንደበት ኣብ ዘይተሓስበ ሰላማዊ ሰልፍን እምባጋሮን ንኽቕየር ምኽንያት ከይኮኖ፡ ብመሳምር ዳደሺ ነቕ ንኸይብል ከም ዝርቃዕ ገበርዎ። እቲ ዳስ ብድምጺ ዓቕሉ’ኳ እንተጸበቦ፡ በዝን በትን ነኻል ረኺበ ኣለኹ ብማለት፡ ንመሰል ህዝቢ ዝጣበቑ ውልዶ ጭርሖታት፡ ከም ኣጋጣሚ ኾይኑ እግሪ ኣውጺኦም ብምፍንጣስ ንጽርግያ ክወጹ ከይፍትኑ፡ ኣይፋልኩምን ደገ ምውጻእ ነውሪ!! በልዎም። ስምዑ!! ቀሊል ምህዞ ምሂዝናልኩም ኣሎና። እቲ ጥርዓንኩም ከተቕርብሉ እትደልይዎ መራሒ ኣብዚኣ ሕጂ ጥብ ከነብለልኩም’ና ብማለት፡ ኣተሃዳዲኦም ኣጸበይዎም። ደጋጊሞም ከኣ፡ ጽርጊያ ወጺእካ ሰልፊስ ንሕና የለናሉን፡ ተደሊኹም ዳሕራይ መዓልቲ ንበይንኹም ግበሩዎ፡ ኢሎም ኣፋራረሕዎም። ኣራሳሰዕዎም’ውን።*



**ድባርዋ!! ስለማዊ ሰልፍስ፡ ኣብ ጽርጊያታት ወጺእካ’ዩ። ኣብ ውሻጠ ኾንካ ድኣ ዘይናቱ!!**

መራሒ ከምዝተዓደሞ ደበኽ በለ። ደንጉየኩም ዶ ብማለት ከኣ ስክፍትኡ ነገረ። እቲ ዕላማ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር ካብ ተኸልከለን ተፈርሐን፡ መተካእታ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር ኣለዎ ዝብል'ዩ። ድባርዋ ክኢላትሉ ውዒላ'ላ። ነድሪ ኣውራጃ ሰራየ ድማ ኣተሃዳዲኣ ኣዝሓለት። ኣብ መጨረሽታ ጓይላኣ ወዲኣ፡ ኣብ ጽርጊያ ዕንባባ እንዳነስነሰት ምስ መራሒኣ ተሰዓዓመት'ሞ፡ ናፍቖታ ኣውጺኣ ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዛዘመቶ። ኮይኑ ግና በየን መጸ ዘይተባህለ፡ እተን ካልኣት ኣውራጃታት ከምኡ ክገብራ ብውሽጠ ውሽጢ ጎስጓስን ምድላዋትን ይካየደለን ከምዘሎ ወረ በጽሓ። ስለዚ ብመሰረቱ ምህዞ ድባርዋስ ኣይነበረን። ብድባርዎ ዝተጀመረ ድራማዊ ጎስጓስ'ቲ ስርዓት'ዩ መፈለምታ ገይርዋ። ባዕላ ዘንቀለቶ ከምዘይኮነ ፈለጠት። ድባርዋ መሳርሒ ኮይና ምውዓላ ሓዘነት።

ኣብ ዳስ ዝተላማመደን ዝተዳለወን ሰላማዊ ሰልፊ ዝኸፈቶ ኣምሓዳሪ ኣውራጃ ሰራየ፡ ህዝቢ ነዲሩ ኣሎ! ህዝቢ ተቖጢዑ'ዩ ዘሎ! ህዝቢ ነዲሩ! ቑጥዓ ህዝቢ መዐቀኒ ተሳኢንዎ'ሎ! ነዲሩ! ነዲሩ! ህዝቢ ነዲሩ! እንዳበለ መደረኡ ክጅምረን ክውድእን ሓደ ኮነ። ድሕሪኡ ነቲ ሰልፊ ዝተገብረ ምድላው በብተራ ኣንዳተኻየደ፡ እቲ መራሒ ነድሪ ህዝቢ ብደርፍን ግጥምን መደረታትን ክዕዘብ ወዓለ። ብሓቂ ግና እቲ ህዝቢ ነዲሩ ድዩ? እቲ ብዙሕ'ኳ ንግደፎ፡ ውሑድ ዘይኮነ ኤርትራዊ ዜጋ ግና፡ ቀትሪ ቀትሪ ደድሕሪ መራሒኡን ዓኻኽሩን ሆ! ክብል ክውዕል ይርኢ፡ ለይቲ ለይቲ ኸኣ ኣብ ገዝኡ ኾይኑ ዓኽ ክብል ዝሓድር እንታይ'ዩ ነገሩ? ነድሪ ድዩ? ብሓቂ ነድርስ ኣይኮነን። ዝነደረ ህዝቢ ጓይላ ኣይተክልን'ዩ። እቲ ህዝቢ ይቐንዞ'ዩ ዘሎ።

ቀደማይ ደራፊ ኢሳያስ ደበሳይ ትሕዝቶ ደርፉ ወዲእዎ'ዩ። ነድሪ ግና ኣየስምዐን። መርኣያ'ቲ ኣብ መራሒኡ ዘለዎ ፍቕርን ናፍቖትን፡ ብስም ደረፍቲ ኤርትራ ደርፊ ወፍዩሉ። ደራፋይ ገመል'ኻ ጎብየ'ኻ ኢሉ ኣይኮነን ዘቕረቦ፡ ሕጂ ሓርማዝ'ዩ መሪጹ። ኢሳያስ ደበሳይ፡ ንዕቀት ደናቑር! ንዕቀት ብፍሕሶ'ዩ! ዘቃልሐ። ንዕቀት ደንቆሮ ግና ካብዚ ደራፋይ'ዚ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ካብዚ መራሒ'ዚ ዝወጸ ዘረባ ጸኒሕኩም ክተንብብዎ'ኹም። ንሕጂ "ኮኾብ ጽባሕ ኢኻ" ዝብል ትሕዝቶ ደርፊ ወዲ ደባሳይ ገምግሙ።

"ብጸጸር ዝዕንቀፍ ኣይተፈጥረን ሓርማዝ
ብኣርቃይ ዝሰበር ኣይረኣናን መጋዝ
ጸጸ እንተነኸሱ እንታይ በሰላ ይገድፍ
ንእሽቶ ኣቕንዚዩ እንዳኣሉ ዝሓልፍ፣

ክብል ከሎ፡ ሓያል'ኻ፡ ዝኽእለካ የለን፡ ካልኣት ኩሎም ኣብ ትሕተኻ'ዮም። ንስኻ ሓርማዝ ንሳቶም ጸጸ'ዮም፡ እናበለ'ዩ ዝዋጥዮ ዘሎ። ግናስ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንኮኾቡ ዝወደቐ ሰብ "ኮኾብ ጽባሕ ኢኻ" ኢልካ ደርፊ'ሎ! ብማለት ትግረም። ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት ደርፊ'ዚ ግዜኡ ዝሓለፎን ቀደም ተወዲኡ ዝተጋህጸን'ኳ እንተኾነ፡ እቲ መራሒ ምስዚ ተገይሩ ዘሎ ምድላው፡ እዛ ደርፊ'ዚኣ ክትሳነ ኣይኮነትን። ንዳሕራይ ግና ተሳርሕ'ያ ኢሉ ከም ዝሓልፋ ፍሉጥ'ዩ። ንሓዋሩስ፡ ነዛ ደርፊ ክጸልኣ ኣይኮነን። መን'ዩ ግና'ቲ ጸጸ? ኣሜሪካ ድዩ'ቲ ጸጸ? ኢትዮጵያ ድዩ? ህዝቢ ኤርትራ ድዩ? መን'ዩ'ቲ ጸጸ፡ ደራፊ ኣይሮቕሖን። ንወያነ ረሲዕዎ'ዩ፡ ወያነ'ውን ነቲ መራሒ ረሲዓቶ ውራያ'ያ ትገብር ዘላ። ስለዚ እቲ ጸጸ ኣሜሪካ ክኸውን ኣለዎ። ሓድሽ ውልዶ ጸጸ! ትሕዝቶ'ቲ ደርፊ፡ እቲ እገዳ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ፡ ንመራሒኡ ከምዝምልከት ዘረድእ፡ እቲ ደራፋይ ብምሉኡ ኣቓልቦ ግጥሙ ኣብ ልዕሊ'ቲ መራሒ ከምዚ እንዳበለ ብምዕላቡ'ዩ። እብለኩም ኣለኹ፡ እቲ መራሒ ነዛ ግጥሚ'ዚኣ ክፈትዋ ኣይመስለንን።

ወርቂ ኣብ ሓዊ ኣትዩ
ከመይ ኢሉ ይሓቅቕ
መኾሊዒኡ እንዲዩ
መሊሱ ክደምቕ
ተንኮል ኣዋዲዶም ክሓላልኹኻ
ዘልመሱኻ ይመስሎም እንተሰሓሉኻ

ጸለሎ እንተብዓጡ ንኸጸልሙኻ
ዝልውጦ የለን ንጻዕዳ ሕብርኻ

ደራፋይ ኢሳያስ ደበሳይ፡ እቲ እገዳ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ም኿ኑ ከይተፈለጠ ገሊጹ። ነቲ ዘፍቅሮ መራሒኡ ንህዝቢ ድኣ እንታይ ክረኽብሉ፡ ንዓኻ'ዮም ተታሓሒዞምኻ ዘለዉ፡ "ዝልመሱኻ ይመስሎም እንተሰሓሉኻ" እንዳበለ ኣጆኻ ይብሎ'ሎ። ከምቲ መራሒኡ ዝብሎ እገዳ መቕጻዕቲ ንህዝቢ ኤርታራ'ዩ ብማለት ንህዝቢ ኣጆኻ ክብል ኣይደረፈን። እቲ መራሒ ንነብሱ ከዕብያን ካብ ዘለዋ ዓቕሚ ክነፍሓን ዘለዎ ድሌት ደረት'ኳ እንተዘይብሉ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ስልፊ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዳስ'ዚ ግና፡ እገዳ ኣብ ርእሰይ ዘይኮነስ ኣብ ርእሲ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ወዲቑ ዘሎ ዝብል ኅስጓስ ንምግባር'ዩ። ስለዚ ደራፊ ኢሳያስ ደበሳይ ንዘይምልከቶ'ዩ ኣጆኻ እንዳበለ ዝደርፍ ዘሎ። እቲ መራሒ ኣብዛ ኣኼባ'ዚኣ፡ እዛ ደርፊ'ዚኣስ ኣይግድን ክብል'ዩ። ነድሪ ህዝቢ ኣየቃለሐት! መቕጻዕቲ ህዝቢ ኣይነገረት! ብኻ ምተረፈትኒ ከምዝብል ፍሉጥ'ዩ።

ቀጺላ መንእሰይ ተምሃሪት ሉና ኣብርሃም "ንገረና በልዎ፡ ሕተትዎ" ዝብል ግጥሚ ሒዛ ቐረበት። ሉና ከም ገመል'ያ ኣቕሪባቶ። ጥበባውያን እንስሳታት ከይተወድእዎም ዝቀዳደሙ ዘለዉ ይመስሉ። ድባርዋ'ውን ብኣኣቶም ተመሲጣ፡ ተርትኣ ምስ በጽሐ፡ "ነትርፎ እንስሳ የለን!" ብማለት ንኹሎም እንስሳታት ኮብኲባ ንመራሒኣ ከተምጽኣሉ'ያ። ንጎብየ'ውን ክትገድፎ ኣይኮነትን። ፍረ-ነገር ግጥሚ ሉና፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል። ብሓጺሩ፡ "ሕተትዎ ንገረና በልዎ'ዩ።"

ሕተቱዎ'ዚ ገመል
ጸዋሪኣ'ዛ ዓዲ...

ክንፈልጦ'ቲ ምስጢር
ንገረና በልዎ

እንታይ ክንሓተሉ!! ሕጂኸ እንታይ ክንሰምዕ። ምናልባት ሓቃ'ያ ክሳብ ሕጂ ዘይፈለጥናዮ ዜጋታት እንተኣሊና ዝያዳ ክንፈልጦ፡ ሕቶ ኣይጽላእን። ብሓቂ ግና፡ ክሳብ ሕጂ ክንደይ ንኸውን ዜጋታት'ና ነዚ መራሒ'ዚ ዘይፈለጥናዮ ዘሎና? ጽሉል መልሲ'ምበር ጽሉል ሕቶ ስለዘየለ፡ ምሕታት ግን ኣይጽላእን። ፈሊጥናዮ ክነስና፡ ንዘርየሉ ሰብ ጥቕሚ እንተኣሊና ከኣ መጣበቒ ነጥቢ ስኢንና፡ "ኣነ ድኣ ክሳብ ክንድዚ ከምኡ ዘይመሰለኒ ዝነበረ፡ እንታይ'ዩ ኾይኑ!" እንዳበልና ጸግዕና ንሕዝ። ድሕሪ'ዛ ጻዕዳ ጋዜጠኛ ሰበይቲ ዝሃቦ መልሲ'ሞ እንታይ'ና ክንሰምዕ፡ ኣብ ፈተና ኣይተእትዉና'ዩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ፍኑው ጽሑፍ (ቴማ#1) ዘፋለጥኩኹም ጻጸ እምባ ገደም፡ ምናልባት ተልኡኾኡን ዕላማኡን ክሞልቆ ይኽእል ይኸውን። ኣይፍለጥን'ዩ! ዘረባ ምብዛሕ ድማ ይሞልቆካ'ዩ። ዝጠወቐካ ዘይብልካ ሕተቱኒ ኢልካ ዓዘፍዘፍ ምባል ድማ ዝገደደ!! ምስጢር ዝበልካዮ፡ ክዕገት ዘይከኣል ሙላቕ ዘረባ ኾይኑ ይወጽእ!! ንሳ'ያ ተሪፋቶ ዘላ። ምስጢር መንቀሊቱ ንገድሊ ከምሉቓ።

ኣነ ከምዛ'ዛ ጻዕዳ ጋዜጠኛ'ዚኣ፡ ንካልእ ሓያል ሰበይቲ እንተድኣ ንዒ! ሕተትኒ ኢሉዋ፡ እዛ ነገር'ዚኣ ክትሞልቆ ከምዝኾነት ፍለጡ እብለኩም። ኩሉ ከምዘይሓልፍ ተሓቲቱ'ዩ። እቲ ኩሉ ዝተሓተቶ ሕቶታት ድማ ነቲ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበረኒ ሚዛንን ፍርድን ኣረጋጊጹለይ'ዩ። ሕጂ ዘይኣመነ ሰብ ክኣምን፡ ሓንትን መጨረሽታን ምስጢርን ጥራይ'የ ካብ ኣፉ ክረኽባ ደልየ ዘለኹ። ንሳ ጥራይ'የ ዝጽበ ዘለኹ። ዓቕሊ ጌርኩም ጥራይ ተጸበዩ፡ ዝሓትኦ ባዕሉ ሃሰስ ኢሉ'ዩ ዝረኽበን። ባዕሉ ከምጽኣልና'ዩ። ንሓንቲ ተጋዳሊት ነበር፡ እንታይ ገዲሽዎ'ዩ ሕተቱኒ እንዳበለ ዝዋጣወጥ፡ መን ጠዊቕዎ'ዩ? ከም "ቂሉ ማሞ" ኮይኑ ክርአ ሚቕ ሚቕ ድዩ ዝብሎ? ምስ በልኩዋ፡ "መርገም ኣዴታት'ዩ! ንብዓት ኣዴታት'ዩ! ከይፈተወ ብዘይልቡ ተቐላዕ ኢልዎ ዝደፋፍኦ ዘሎ። ፈትዩ ኣይምሰልካ፡ ንብዓትን መርገምን ኣዴታት ኣይሰድድን'ዩ" በለትኒ።

ስለዚ ዘይሰማዕናዮ ክንሰምዕ ሓዲኡ ክንፈልጥ ንሕተቶ ድኣ!! ኖኖእ!! ንፉዕ ሓታታይ ድኣ የኀንፎ ንበል። እታ መንእሰይ ተምሃሪት ሉና ግና ከምኡ ኣይኮነትን ዝበለት። ተጋግያ ወይ ከኣ ኣጋግዮማ ይኾኑ። ከምቲ ብቕድሚኣ "ኮኾብ ሰማይ ኢኻ" እንዳበለ ዝደረፈ ኢሳያስ ደበሳይ፡ ኣምላኽ

ኤርትራ ገይራ'ያ ዘቐረበቶ። ደርፊ በረኸት መንግስትኣብ ኣየርከበላን፡ ብድሕሪኣ'ዩ ዝስዓበ። እሞ ኢሳያስ ደበሳይ ድኣ ከይከውን፡ ብደርፉ ገይሩ ጎኒፍዋ? ስለዚ'ታ ሕተትዎ ዝበለትናስ ኣይግድን፡ ኣይክትሰርሓልናን'ያ፡ ኣምልኽዎ ማለታ'ዩ። ቀደም ከይኣክልሲ፡ ሕጂ ድማ ኣምልኾት!! እሞ ኸኣ ንፕረዚደንተ ሓሶት ሓሶት!! ኣንታ ብኣፍ ደቂ ደቅና ካብ ተዛረበ፡ ንሕና ድኣ ተጻሊልና ከይንኸውን? ኣብ ደቅና ድማ ክስዕረና'የ ዝበልኩ።

ግን ከኣ "ክንፈልጠ'ቲ ምስጢር፡ ንገሩና በሉዎ፡" ኢላ'ያ ዝወድኣት። እሞ እዛ ቖልዓ ገለ ኣዛሪብዋ'ሎ። እታ ኣብ መጨረሽታ ዘውደቐታ (ክንፈልጠ'ቲ ምስጢር ንገረና በልዎ)፡ ነቲ ኩሉ ቅድሚኡ ዝተባህለ ኣምልኾት ተፍርስ ትጥዕም። ምስጢር ሓቢኡልና ኣሎ'ያ ትብል ዘላ። እንታይ ምስጢሩ!! እዚ ድማ ንጉዳይና ስለዝምልከት ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ክሓብኣልና የብሉን ንገረና በልዎ፡ ኢላ ተትሓሳስብ ኣላ። ተሓቲቱ ጽቡቕ ከምዘይወጸ፡ ኣእምሮኡ ስንኩል ኣፉ ሓርኢ ከምዝኾነ ፈሊጣ ክነሳ ብዝያዳ ክትፈልጡዎ መመሊሽኹም ሕተትዎ፡ ንገረና በልዎ ምባላ ኣይነገር ጣቓን። ክትከላኸለሉ እንተዝኸውንስ ሕተትዎ ኣይምበለትን። ንሕና ክንሓቶ'ሞ ኣበይ ዕድል ክህበና ኾይኑ። ከምዛ ናይ የካቲት ጻዕዳ ሰበይቲ፡ ሓታታይ ንርከብ ኢልና ጥራይ ንጸሊ። ግን እንታይ ዘይተሓተቶ ተሪፉ ኣልዩ'ዩ? ዘይተሓተቶ!! እቲ ቀንዲ ቐንዱ መዓስ ተሓቲቱ። ፍኑው ጽሑፍ፡ ሕቶ ኣሎኒ! እንዳበለ ስምዑኒ ይብል'ሎ። እስከ ንስምዓዮ!

ሕቶ፡ ንገድሊ ክትነቅል ከሎኻ ልኡኽ ኢትዮጵያን ሲ.ኣይ.አይ.ን ከምዝነብረካ ዝሕብር ሰነዳት'ሎ። እዚ መልእኽቲ'ዚ ከኣ ብሓጺሩ ክልተኣን ሃገራት ክፈላለያ ከምዘይብለን ዝጠልብ'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኸ ኣብ ቦታኡ ድዩ ዘሎ? መልሲ፡ ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት!....

ሕቶ፡ ሕራይ በል ሓሶት! ሓሶት! ምባል ይእከልካ፡ ኣብ ሕቶና ክንምለስ። ነጻነት ኤርትራ ዓመት ከይገበረ ራእይኻ ስግር ዶብ ከም ምዃኑ፡ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዶብ ዘይብሉ ሃገር ከምዝኸውን ነጊርካ። ምምሕዳሩ ኸ እንታይ ተባሂሉ ክጽዋዕ ንዝብል ሕቶ፡ ፈደረሽን በልዎ ኮንፈደረሽን ድላይኩም በልዎ ኢልካ። እቲ ሽም ብዘየገድስ ግና፡ ነዘን ክልተ ሃገራት ኣብ ሓደ ምምሕዳር ዝሕውሰን'ዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ መልእኽትኻ ንምትግባር ዲኻ ትጅምር ኔርካ? እንታይ ኮይኑ ኸ ዘይሰለጠካ? መልሲ፡ ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት!... ኣነ ከምኡ ኣይበልኩን፡ ከምኡ ኣይተመባጻዕኩን። ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት!...

ሕቶ፡ እቶም ኣሲርካዮም ዘሎኻ መራሕትን መጋድልትኻን፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ መእሰሪኻ ምኽንያት ነዚ መልእኽቲ'ዚ ንኸተሳልጥ ጸገም ስለዝኾኑኻ'ዩ ዝብሃል ከ ሓቂ ድዩ? መልሲ፡ ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት!... ሕጂ ንሳቶም ኣበይ ኣለዉ ኣይፈልጥን! ናታቶም ተልዓልና ከኣ ዋጋ የብሉን። ንሳቶም ቀደም ታሪኽ ኮይኖም'ዮም።

ሕቶ፡ እቶም ኣብ ስልጣን ኣደይብካዮም ዘሎኻ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመንነቶምን መበቆሎምን ዘይትኣማመነሎም'ዩ ተባሂሎም፡ ዓድታቶም ወለድኦምን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከምዝኾነ ይጥቀስ። ስለዚ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ መልእኽትኻ ከተሳልጥ ብመሪሕነት ደረጃ ዝዕንቅፈካ የለን፡ ዶ ክብሃል ይከኣል? መልሲ፡ ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት! ንሕና ጭብጢ ንደሊ ኣሎና። መረጋገጺ ንደሊ ኣሎና። .../ ዋእ! ንመበቆል ድማ ጭብጢ! ደሊኻሉ?/

ሕቶ፡ በዚ ንኢትዮጵያውያን ተቓወምቲ (ገድሊ ትግራይ፡ መላ ኣማራ ድርጅት፡ ኦሮሞ (ኦነግ)፡ ኦጋዴን(ኦብነግ)፡ ቅንጅት፡ ውድብ ሲዳማ...) እትገብሮ ዘሎኻ ንዋታዊ ደገፍን ተዓሊምን ኣብ መሬት ኤርትራ፡ ንሓዋሩ በቲ ዘካየድዎ ዘለዉ ቃልሲ ወያነ እንተድኣ ወዲቑ፡ መን'ዩ ፕረዚደንት ክኸውን? መልሲ፡ መን ድኣ? ኣነ!.. ኣነ'ምበር መን!! እንታይ ሕቶኡ'ዩ እዚ! ኣእምሮኦም ዝሰሓቱ ሰባት ጥራይ'ዮም ከምዚ ኢሎም ዝሓቱ። ህዝቢ ኤርትራ'ኳ ድሓን፡ ህዝቢ ዓለም ግና ከመይ ጌርኩም ከምኡ ኢልኩም ክትሓስቡ ዘይትኽእሉ ይገርመኒ!!

ሕቶ፡ በል'ቲ መልስኻ ኣይሰሓትናዮን። ተረዲኡና'ሎ። ግና መብረ ክኾነካ ንመጨረሽታ ኣብ ካልእ ሕቶ ክእትወካ። ሃገራዊ ተጻወቲ ኩዕሶ እግሪ ብምልኦም ንዓዶም ከምዘይተመልሱ ተፈሊጡ'ሎ። ሕጂ ድማ 19 ዝኾኑ ኣባላት ሓይሊ ኣየር ዶብ ሰጊሮም ከም ዝተሰደዱ ዝውረ ዘሎ ሓቂ ድዩ?

መልሲ፡ ሓሶት!! ሓሶት!! ሓሶት!!...

ሕቶ፡ ኣየናይ ድኣ እዩ እቲ ሓቂ? ክትነግረና ዶ ትኽእል?

መልሲ፡ ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት! ሓሶት..…// ዋእ ብጥዕንኡ ድዩ! በል ከይደ!!//

ሉና ግጥማ ድሕሪ ምውድኣ ድምጻዊ በረኸት መንግስትኣብ ጸረ-እገዳ ዝቓነዮ ዜማ ኣስሚዐ'ሞ፡ ተርታ ድባርዋ በጽሐ። ጋዜጠኛ ሓዳስ ኤርትራ ኣብርሃም ዮውሃንስ (እብር) ከምዚ ዝስዕብ ጸብጻብ የምሓላልፍ። "ብድሕር'ዚ ኣብቲ ኣኼባ ዝወዓለ ህዝቢ ኣውራጃ ሰራየ ጭማራን ዋልታን ከም ምልክት መኸተኦም፣ ምስሊ ገመል ከም ምልክት ተጻዋርነቶም፣ ምስሊ ኣባ ጎብየ ከም ምልክት ዓቕሎም፣ **ካርታ ኤርትራ ዘላቶ ህያው ብዕራይ** ከኣ ከም ምልክት ትእምርቶምን ሃገራዊ ሓድነቶምን መርኣያ'ቲ ኣብ መራሒኦም ዘለዎም ፍቕሪ፡ ብስም ህዝቢ ኣውራጃ ሰራየ ንመራሒ ህያብ ኣበርኪቶምሉ፣" (ሓዳስ ኤርትራ 17 መጋቢት 2010 p3 #170) እተን ካልኦት ኣውራጃታት ከ እንታይ ኮን ከበርክታ ይኾና። ከመይ ገይረን ኮን ፍቕረን ክገልጻኦ ይኾና? ከም ገጸ በረከት ካርታ ኤርትራ ዘላቶ ህያው ብዕራይ ድኣ እንታይ ክገብሮ'ዩ ተዋሂቡ? ትእምርታዊ ብዕራይ! እዝስ መግለጽ ፍቕሪ ኣይኮነን። ከይሓርዶ ድኣ!!



ካርታ ኢትዮጵያ ዘላቶ ህያው ብዕራይ ግዳ ዘይሃብዎ። እቲ ቆልኡ ዝእዝዞ፡ ዝነግሮም ዶ ሰኣኑ?

እቲ መደረ መራሒ መልእኽቱ ጸርፊ ጥራይ ስለዝነበረ (**ንዑቕ**! **ቀናእ**! **ሓሳድ**! **ትሕቲ ሰብ**! **ሓሳዳት**! **ቀናኣት**! **ገባቲ**!)፡ ምንባቡ ከየሰልክየኩም ካብቲ ጸርፍታት ቃል ንቓሉ ዝተዋህለለ ሓደ ሓደ እንሆልኩም። እንታይ ኮይኑ'ዩ? ንዝብል ሕቶ፡ ሽዑ ንሽዑ ዝመጸለይ መልሲ፡ "ጸርፊ'ሞ ዝገደፍኩ የብለይን፡ ርእሰይ ግና ከይዳ'ያ፡" ዝብል ዘሎ ኾይኑ'ዩ ዝተሰምዓኒ። ንዓኻትኩም ከ?

**"ንዑቕ ከይናዓቕካዮ ንዑቕ' ኢሎሞ'ዮም፣ ንዑቕ ቀናእ!! ንዑቕ ሓሳድ!! ንዑቕ ገባቲ'ዩ። ህዝቢ ነዲሩ፡ ነድሪ ኣንጻር ሓሳዳት!! ነድሪ ኣንጻር ቀናኣት!! ንዑቕ ከይንዓቕካዮ ንዑቕ፡ ሰብ ምሉእ እንተደፈረካ ምናልባት ትቑጣዕ ትኸውን፣ ትሕቲ ሰብ ክደፍረካ ከሎ ግን የነድረካ እዩ፣ እንተኾነ ንነድሪ 'ውን ትውሕጦ ኢኻ፣ 'ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ ግን፡ ንዑቕ ከይንዓቕካዮ ንዑቕ ስለዝኾነ፡ እዚ ናይ ንዑቓት መግለጺ ጭንቀት ዝኾነ ጉዳይ ሲዒቡ። ሰብ ምሉእ እንተደፈረካ ምናልባት ትቑጣዕ ትኸውን፣ ትሕቲ ሰብ ክደፍረካ ከሎ ግን የነድረካ እዩ።"** ክልተ ግዜ'ዩ ደጊምዎ።

ብኣተሓሳስብኡ፡ ኣብ ሞንጎ ደቂ-ሰብ ምሉእ ሰብን ዘይምሉእ ትሕቲ ሰብን'ሎ። ክቡር ኣንባባይ'ዚ ነገር'ዚ ከመይ ትርእዮ። ጥዑይ ኣእምሮ ድዩ ዝምድር ዘሎ? ኤርትራውያን ደቂ-ሰብ'ና። ንኤርትራውያን ዜጋታት ከ ምሉእ ሰብን፡ ዘይምሉእ ትሕቲ ሰብን ገይሩ ድዩ ዝርእየና? ኣነ ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ'ዚ ሕሙም ኣእምሮን ኣረኣእያን'ዚ እዩ ኾይኑ ዘሎ፡ እብል። ክቱርን ደንቆሮን ንዕቀት ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰብ!! ጥዕና ዘይኮነስ ሕማም'ዩ። **"ሰብ ምሉእ እንተደፈረካ ምናልባት ትቑጣዕ ትኸውን፣ ትሕቲ ሰብ ክደፍረካ ከሎ ግን የነድረካ'ዩ።"** ነዚ ጎዱፍ ዘረባ'ዚ ካልኣይ ግዜ ክደግሞ ከሎስ እንታይ ይስምዓካ? መራሕ ሃገር'የ ኢሉ ባዕሉ ንነብሱ ዝሸመ ሰብ ከምዚ'ሉ ክዛረብ እንከሎ እንታይ ትብሎ። ስንኩል ኣእምሮ ኣፉ ሓርኢ'ዩ፡ እንታይ ክንብሎ፡ እንታይ ከ ክንሓተሉ። ንብዓትን መርገምን ኣዲታት'ዩ ዝሓቶ ዘሎ። ኣይክሰዶን'ዩ!! ስለዝኾነ ከኣ ባዕሉ ጎንቲቱ ንወጻእተኛታት ሕተቱኒ ክብል'ዩ። ንሳቶም ከናሕስይሉ ኣይኮኑን ክሓትዎ'ዮም፡ ንሱ ኸኣ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይስማዕ ከስምዖ'ዩ።

ዘረባ ሓደ ሰሚዕካ ኣይትፍረድ ከም ዝብል መትከል ኣቦታትና፡ ብሓደ ጎድኒ ሪኢኻ ምምዛንን ምፍራድን ጉጉይ ስለዝኾነ'ዩ። በቲ ማዕዶ፡ በቲ ተደናጋጺ'ዚ ስርዓት'ዚ፡ በቲ ስግር ሩባ ዘሎ ሰብ እንታይ ከም ዝብል ምድህሳስ ኣገዳሲ ጉዕዞ ፍልጠት'ዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ቲቪ- ኤረ ዝዕዘብ፡ ሓዳስ ኤርትራ ዘንብብ፡ ንሱ ከኣ መሰረት ፍልጠቱ ዝኾነ ዜጋ፡ ኣብዚ መራኸቢ ብዙሓት'ዚ ዝቐረበ ድኣ ዘይጠቕሶ ብማለት፡ ኣብ ምውቃስ ፍኑው ጽሑፍ ክህወኽ ይኽእል ይኸውን። ካብዚ ግጉይ ሚዛን ተበጊሱ ግና፡ እዚ ኹሉ ኣብ ላዕሊ ዝሰፈረ ቴማ ሓደ ጎድናዊ'ዩ ዝብል ፍርዲ ከቐምጥ ጌጋ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኣነ'ውን ከምኡ ካብ ቲቪ-ኤረን ሓዳስ ኤርትራን'የ ተበጊሸ። ነጥብታት ጠቒሰ ኣቕሪበ'ውን። እቲ ከምዚ ኣይኮነን ዝብል ዜጋ፡ ክሰምዓኒ ወይ ከንብበኒ ከምዘይኮነ ግና እፈልጥ'የ።

ምኽንያቱ፡ እንታይ'ዩ ዝብል ዘሎ'ሉ ንሓንቲ ደቒቕ ጽን'ሉ ክሰምዕ፡ ንዘይፍትዎ ሓሳባት ወይ ርእይቶ ተጸሚሙ ኣንቢቡ ክመዝን ብቕዓት ስለዘይብሉ ወይ ከኣ ስለዘይደሊ'ዩ። ኮይኑ ግና ፍኑው ጽሑፍ ቴማኡ ኣብ ቁምነገርን ትርጉምን ዘለዎ ነጥቢ ክዓልብ፡ ንኹሉ ሸነኻት ሪእዩ ክመዝን ይህቅን። ከምዘለዎ ከኣ ከቕርቦ ይፍትን። ዕላማኡ ኸኣ፡ ንኹሉ ሸነኽ ከይሓብአን ከይለለየን ጥረ ሓበሬታ ብምቕራብ፡ ንዘንብቦ ዜጋ ነጻን ውልቃውን ሚዛኑ መታን ከቐምጥ'ዩ። ከምዚ ብምግባር ከኣ፡ ንሕልና ኤርትራዊ ዜጋ ይጠርዕ። ሞጎት ኣቦታት!! ዘረባ ሓደ ሰሚዕካ ኣይፍረድን'ዩ ዝብል። ፍኑው ጽሑፍ ከኣ ብመትከል ኣቦታት ይሰራዕ።

ፍኑው ጽሑፍ፡ ነቲ ድራማ ድባርዋ፡ ናቱ ሞጎትን ሚዛንን ኣቐሚጥሉ'ሎ። ክትዑ ወዲኡ፡ ነገሩ ቐጺሩ ካብኡ ንላዕሊ ዝብሎ የብሉን። ኮይኑ ግና፡ እቲ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ብተዳናገጽቲ'ዚ ስርዓት'ዚ፡ ብዛዕባ ንጥፈት ህዝቢ ኣብ ድባርዋን መንደፈራን ዝቐረበ ገለጻ፡ ሞጎትኡ ሰሚዕኩም ባዕልኹም ክትመዝንዎ፡ ብጥረኡ ኣብ ታሕቲ ተቐሪብልኩም'ሎ። እቲ ስግር ሩባ'ኸ እንታይ በለ'ዩ? ፍኑው ጽሑፍ ከኣ ከቕርበልኩም ስርሑ'ዩ።

"ዞባ ደቡብ፡ ጸባ ስተዩ ኣሐቢንኩምና። ንኹሉ ኤርትራዊ ወኪልኩም - ድምጽና ኣቃሊሕኩምልና፡"
( ሓዳስ ኤርትራ 20 መጋቢት 2010 ገጽ 3 #173 ብርሃነ ሃ/ማርያም ጀርመን)

"ካብቲ ኩሉ ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሓን ሃገርና ዝመሓላለፍ ንእዋናዊ ጉዳያት ዝምልከት መደባት ብፍሉይ ዝመሰጠኒ ድማ እቲ ብሓሙስ 11 መጋቢት ድሕሪ ዑደት ፕረዚደንት ኢሰይያስ ኣብ መንደፈራ ዝነበረ ናይ ኣቀባብላ ስነ-ስርዓት ኢዩ፣ እቲ ምድላዋት ምቕሉል። ትሕዝቶኡ ድማ ልዕሊ መጠን ረዚን ፣ ኣብ'ታ መቐበሊት ዝነበረት ኣዳራሽ ሳምፐል ናይ ምልእቲ ሃገርና ኔሩ፣"

**"እታ ሓሙሽተ ደቃ ኣብ ምክልኻልን ልምዓትን ሃገር ኣውፊራ ዘላ ኣደ ነይራ። ኣብ ገጻት ገድሊ ንሓርነት ንዝኸፈለቶም ውላዳን ንሱ ዝፈጥረላ ናይ ሓርበኞዊት ኣደ ስምዒትን ኣብ ባሕሪ ከብዳ ኣቐሚጣ 'ትርጉም መስዋእቲ ደቃ ብዘይሓላፍነታውያን ኣካላት' ንኸይመጃላሕ ሕጂ'ውን ንመኸተ መቐነታ ገጥ ኣቢላ ከም ዘላ ገሊጻ።**

**"እታ በዓል ቤታ ኣብ ልምዓትን መኸተን ምስ ወፈረ ኣቦን ኣደን ኮይና ደቃ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ተሰኪማ ዘላ ቆንጆ ' ዕማም ምንባይ ቆልዑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ተደራቢ ሃገራዊ ናይ መኸተ ዕማማት'ውን ከም ትህሉ ብነድሪ ገሊጻ። ኣብቲ ናይ ምቕባል ጓይላን ደበላን ፍቕሪ ሃገርን እምነት መራሕትን ከም ዘለዋ ዝገልጽ ዜማን ምንቅስቓስን ኣርእያን ኣስሚዓን።"**

“ጓይላን ደበላን ኣቦታት ብቓላት ክትገልጾ ዘጸግም ረቒቕ ናይ ‘መንግስትና ኣብ ጎንኻ ኣለና’ ዝብል ኣትባዒ መልእኽቲ ኤርዎ…ነቲ ነዚ ኣተሓሳስባ’ዚ ኮስኲሱ ዘዕበየ ህዝበይን መንግስተይን ዘይምጉስ? ነቲ ነዚ ብመራኸቢ ብዙሓን ሃገርና ዝተመሓላለፈ ሰናይ ትርኢት ዘይምጉስ ሰብከ ንምንታይ **ኣይንዕቆን**? **ንዑቕ** እንዲዩ ንሰናይ እናደወነ ናብ እንጀራ ክቕይር ዝፍትን?….ቅርበት መሪሕነትን ህዝብን ትሕቲ ኢንችታት ምኳኑ ኣረጋጊጸ፣…ብጥሜት ሃገራዊ ሓድነት ዝጸምለዉን ዝደኸሙን ሃገራት እቲ ምስጢር ካብ ሃገረይ ክመሃርዎ ዝኽእሉ ምኳኖም ኣሚነ፣”

ብሰላም የቐንየና።

ገብራይ ክፍለ
ፍኑው ጽሑፍ (ቴማ#2)
03.26.10